Kanton Bern
Canton de Berne

# መዋእለ ሕጻናት ቋንቋ ጀርመንኛ ኣብ ዝዝረበሉ ክፍሊ ካንቶን በርን

## ሓበሬታ ንወለዲ

Elterninformation Kindergarten Tigrinya

Bildungs- und Kulturdirektion

# ትሕዝቶ

ዝኸበርኩም ወለዲ .......... 3
ናብ መዋእለ ሕጻናት እንቋዕ ደሓን መጻኹም .......... 4
ዕላማ ትምህርትን ቅርጺ ትምህርትን .......... 6
ምዕባለ ምድጋፍ .......... 8
ምትሕብባር ወለድን መምሃራንን .......... 10
ኣሰራርሓ መዋእለ ሕጻናት .......... 12
ምእላይ ጥዕናን .......... 14
ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፣ ሰብ መዚን ክፍሊ ሰብ ሙያ .......... 15

**Impressum**

**Herausgeberin und Copyright:**
Bildungs- und Kulturdirektion
Amt für Kindergarten, Volksschule und Beratung
akvb.bkd@be.ch
Auflage 2022

Download: www.be.ch/volksschule

# ዝኸበርኩም ወለዲ

ቆልዓኹም ኣርባዕተ ዓመት ምስ ኣሕለፈ፣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ክኣቱ እዩ። እታ ቆልዓኹ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝኣትወላ ዕለት ንዓኹምን ንቆልዓኹምን ፍልይቲ መዓልቲ እያ።

ከም መጠን ወለዲ፣ እስኹም ናይ ቆልዓኹም እዋናት መዋእለ ሕጻናት ንኸሰምር ብዙሕ ተራ ከተበርክቱን ኣብቲ ቀጻሊ መገዲ ትምህርቱ ክትድግፉን ከተሰንዩን ትኽእሉ ኢኹም። ቆልዓኹም ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ነገራት ባዕሉ ንኽገብር ኣተባብዕዎ። ከምኡ እንተጌርኩም ናይ ቆልዓኹም ርእሰ ተኣማንነት ተደልድሉ ከምኡውን ኣብቲ ምጅማር መዋእለ ሕጻናት ይኹን ምስ ዕብይ ዝበለ ማሕበረሰብ ንዝህልዎ ሓባራዊ ናብራ ብዘይ ጸገም ንኽሰልጦን ትሕግዙ።

ብዛዕባ መዋእለ ሕጻናት ኣስፍሕ ኣቢልኩም ምእንቲ ክትፈልጡ ኢልና፣ ነተን ኣገደስቲ ዝኾና ሓበሬታት ጸሒፍና ቀሪብናየን ኣለና።

ንዓኹምን ንቆልዓኹምን ጽቡቕ ኣጀማምራ ንኽኾነልኩምን ከምኡውን እተን እዋናት መዋእለ ሕጻናት ጸገም ዘይብለንን ቀልቢ ዝስሕባ ንኽኾናልኩምን ንምነየልኩም።

ምምሕዳር ቤት ትምህርትታት

**ሓበሬታ**
ኣብ ሓደ ሓደ ማሕበር ዓድታት ቆልዑ መዋእለ ሕጻናትን ተመሃሮ ናይተን ክልተ ፈለምቲ ክፍልታት ቤት ትምህርትን ብሙሉኡ ወይ ድማ ብኸፊሉ ብሓባር (ዝተፈላለየ ዕድመ ተሓዋዊሶም) ይመሃሩ (Basisstufe ወይ Cycle élémentaire).

# ናብ መዋእለ ሕጻናት እንቋዕ ደሓን መጸኹም

### ምጅማር መዋእለ ሕጻናት
### Eintritt in den Kindergarten

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ክኣቱ ከሎ ንቆልዓኹም ሓዲሽ ናይ ህይወት፣ ጸወታን ተሞክሮን መድረኽ እዩ ዝኽፈተሉ። ቆልዓኹም ብዕብየቶም፣ ብድልየቶም፣ ብቛንቋኦም ከምኡውን ብባህላዊ ኩነታት ቤተሰቦም ዝተፈላለየ ምስ ዝኾኑ ጉጅለ ቆልዑ ክራኸብ እዩ።

እዞም ቆልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ሓቢሮም ሓደ ማሕበረሰብ ቆልዑ የማዕብሉ፣ ኣብዚ ማሕበረሰብ ቆልዑ ከኣ ብሓንሳብ ክጻወቱን ካብ ሕድሕዶም ድማ ክምሃሩን ይኽእሉ እዮም። ቆልዓኹም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ሓዲሽ ነገር ንምፍታን፣ ክመራመርን ክፈጥርን ዕድል ኣለዎ። በቲ ብምሉእ ህዋሳቱ ዝገብሮ ተሞክሮታት፣ ብዛዕባ ናውታትን ዝምድናታተንን ዝህልዎ ተሞክሮ ከማዕብል ይኽእል እዩ።

### ናይ መዋእለ ሕጻናት መማህራን
### Lehrperson für den Kindergarten

ዕድሚኦም ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሹዱሽተ ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ዘለዉዋ ክፍሊ ብሓደ መምህር መዋእለ ሕጻናት ትምራሕ። ከከም ምዕባይ ናይታ ክፍሊ ወይ ድማ ኣሰራርዓ፣ ሓደ ካልኣይ መምህር መዋእለ ሕጻናት ነዛ ክፍሊ ክምህር ወይ ድማ ሓደ ሓጋዛይ ክፍሊ ነቲ መምህር ኣብ ትምህርቲ ክሕግዝ ይኽእል ይኸውን።

መምህር ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ከከም ምዕባለኡ፣ ክእለቱን ድልየቱን ብዊልቂ ይጉስጉስን ይሕግዝን እዩ። መምህር የለዓዕል፣ ዝሰማማዕ ናይ ኣስተምህሮ ዓይነት ይመርጽ፣ ነቲ ኣገባብ ትምህርቲ ይቐርጽ፣ ከምኡ ድማ ነቲ ሓዲሽ ተሞክሮን ቀጻሊ ናይ ምምሃር ስጉምቲን ዝሕግዝ ናይ ትምህርቲ ናውቲ የዳሉ።

ቆልዓኹም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ሓዲሽ ነገር ንምፍታን፣ ክመራመርን ክፈጥርን ዕድል ኣለዎ። በቲ ብምሉእ ህዋሳቱ ዝገብሮ ተሞክሮታት፣ ብዛዕባ ናውታትን ዝምድናታተንን ዝህልዎ ተሞክሮ ከማዕብል ይኽእል እዩ።

# ዕላማ ትምህርትን ቅርጺ ትምህርትን

## Lehrplan 21

ኣስተምህሮ ናይ መዋእለ ሕጻናት ኣብ Lehrplan ዝተሞርከሰ ኣዩ። Lehrplan ካብ መዋእለ ሕጻናት ክሳብ 9-ይ ክፍሊ ንዘለዉ መምሃራን መደብ ኣስተምህሮ ንምሕንጻጽ ከም መምርሒ ንምሕጋዝ እዩ ዘገልግል።

## ምጽዋትን ምምሃርን
Spielen und Lernen

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ምጽዋት ሓደ ካብተን ኣገደስቲ ዓይነት ትምህርቲ እዩ። ጸወታ ንቆልዑ ውልቃዊ ዝኾነ ናይ ምምሃር መገዲ ንኽረኽቡን ንክኽተሉን የኽእሎም። ጸወታ ናይ ቆልዑ ጽንዓት የማዕብል፣ ንኽላመዱን ንኸጥልቑን ይጉስጉስ ከምኡ ድማ መጠኑ ዝሓለወ ብድሆን ናይ ምትግባር ክእለትን ይቕርብ።

ክፍልታት መዋእለ ሕጻናት፣ ሰፊሕ ብዝኾነ መጻወትን መምሃሪን ዝተመልአ እዩ፣ ቆልዓኹም ከኣ መዓልታዊ ካብኣተን ሓዲሽ ክመርጽ ይኽእል። ከምኡ ድማ ምናልባሽ ባዕሉ ብዘይመረጾ ብሓደ ናይ ጸወታን መምሃሪን ቀረብ ንኽምስጥ ይተባባዕ እዩ።

ካብቲ ብዝስሕቦም ተመሪሖምን ብድንነት ኣብቲ ዕለታዊ ናብርኦምን ኩነታት ጸወታን ዝመሃርዎ ተበጊሱ እቲ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝመሃርዎ ስርዓት ዝሓዘን ብልሓታውን እንዳኾነ ይኸይድ። እቶም ቆልዑ ነቲ ዝወሃቦም ዕማማትን ጠለባትን ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እንዳመለኸዎ ይኸዱ።

## ካብ ሕድሕድካ ምምሃር
Voneinander lernen

ኣብቲ ጉጅለ ቆልዓኹም ምስ ካልኦትን ካብ ካልኦትን ቆልዑ ይመሃር። ቆልዑ ብሕጊ ከም ዝምርሑ ይመሃሩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ተመጣጣኒ ዝኾነ ባህርይ ንኽህልዎምን ነቲ ድልየቶም ድማ ምስ ድልየት ካልኦት ዝሰማማዕ ከም ዝኸውን ንኽገብሩን ይመሃሩ። ዑጉሳት ንኽኾኑ፣ ሓሳቦም ንኸተግብሩን ኣብ እዋን ግርጭት ድማ መፍትሒ ንኽደልዩን ይላመዱ። እዚ ነቲ ማሕበራዊ ብቕዓቶም የማዕብል እዩ።

### ውልቃዊ ምዕባለ

### Persönliche Entwicklung

ቆልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ነቲ ዘለዎም ውልቃዊ ክእለት እውን የስፍሑ እዮም። እሳቶም ናብ ነፍሰ ወነንነት ይምርሑ፣ ምስ ካልኦት ሓላፍነት ይወስዱ ብውልቆም ምስላጥ ድማ ይሙከሩ። ብኸምኡ ኸኣ ነፍሰ ተኣማንነቶም የደልድሉ። ቀልቦም ናብ ሓደ ዕላማ ምምራሕን ውልቃዊ ስምዒቶም ምቁጽጻርን ይመሃሩ። እንታይ ከም ዝስምዖም ንኽርድእዎን ከምዚ ክስምዖም ከሎ ድማ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎምን ይመሃሩ። ቆልዑ ብብቕዓቶምን ብኽእለቶም ክተኣማመኑ ይጅምሩ ነዚ ዝህልዎም ሚዛን ድማ እንዳዓበየ ይኸይድ።

### ናይ ባህሊ ቴክኒክ ንምቕሳም መሰረቱ

### Grundlagen für den Erwerb der Kulturtechniken

ቆልዑ ሓሳቦም ምግላጽን ምንጋርን ይመሃሩ፣ ነቲ ዝተሞከርዎ የዘንትዉ ከምኡ ድማ ታሪኽ ይሰምዑ። ብኸምኡ ኸኣ እቲ ናይ ቋንቋ ክእለቶም ይምዕብል ዝፈልጥወን ብዝሒ ቃላት ድማ ይልዕል።

እቶም ቆልዑ ነተን ቃላትን ኣተናብሃኤንን ብመዛሙርን ግጥምታትን እንዳስተብሃሉ፣ ምንባብን ምጽሓፍን ንምምሃር ይዳለዉ። ከምኡውን እቲ ኢደ ጥበባዊን ስፍሒ ኣካላት ናይ ምስትውዓልን ክእለቶም ቀጻሊ ይምዕብል።

ንመጠንን ቁጽርን ብመልክዕ ጸወታ ይለምድወን ከምኡውን ነቲ ዘለወን ሕጋዊ ምትእስሳራተን የላልዩ።

**ቆልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ነቲ ዘለዎም ውልቃዊ ክእለት እውን የስፍሑ እዮም። እሳቶም ናብ ነፍሰ ወነንነት ይምርሑ፣ ምስ ካልኦት ሓላፍነት ይወስዱ ብውልቆም ምስላጥ ድማ ይሙከሩ።**

## ምዕባለ ምድጋፍ

### ምድጋፍን ምትብባዕን

**Unterstützen und fördern**

ቆልዑ ናብ መዋእለ ሕጻናት ዝተፈላለየ ቅድመ ኩነታት፣ ተሞክሮን ክእለትን ሒዞም እዮም ዝመጹ። እቶም መምሃራን ነቲ ናይ ቆልዓ እዋናዊ ደራጃ ምዕባለ ካብ ዝተዓዘብዎን ምስ ወለዲ ተማይጦም ካብ ዝረኸብዎን ሓበሬታ ጽሒፎም የስፍርዎ። ብኸምኡ ኸኣ እሳቶም ነቲ ናይ ቆልዑ ሓያል ጎንን ተውህቦን ድልየትን ይፈልጡ፣ ከምኡ ድማ ነቲ ቆልዓ ክሳብ እዚ እዋን ዘጸግሞ ነገራት እንታይ ከም ዝኾነ ይፈልጡ። ነዚ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ተሞክሮን ውልቃዊ ምዕባለን መሰረት ብምግባር፣ እቶም መምሃራን ምስ እቶም ቈልዑ ንዝህልዎም ስራሕ ይምድቡን ይቐርጹን።

### ተወሳኺ ደገፍ

**Zusätzliche Unterstützung**

እቶም ኹምዕባሌኦም ተወሳኺ ደገፍ ዘድልዮም ቆልዑ፣ ዕላምኡ ዝሓለወ ደገፍን ናይ ምዕባለ መነቓቕሒን ይረኽቡ። ምሳኹም ተማይጥና ነቶም ቆልዑ ሓደ ተወሳኺ ሰብ ሙያ ከም ዝድግፎም ክግበር ይከኣል እዩ፣ ንምሳለ ንምዕባለ ኣዘራርባን ምንቅስቓስን።

### ጀርመንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ

**Deutsch als Zweitsprache (DaZ)**

ናይ መጀመርታ ቋንቋኦም ጀርመንኛ ዘይኮኑ ቆልዑ፣ ምስ እቲ ናይ መጀመርታ ቋንቋኦም ዝተተሓሓዘ ናቶም ዝኾነ ተሞክሮን ክእለት ቋንቋን ሒዞም እዮም ዝመጹ። ብዙሕ ቋንቋታት እንዳተዛረቡ ንዝዓብዩ ቆልዑ፣ ጀርመንኛ ክመሃሩ ከለዉ ብፍላይ ምእንቲ ክሕገዙ ተባሂሉ ዝተዳለወ ቀረብ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ኣሎ።

ንቆልዓኹም ካብ መጀመርታ ጀሚሩ እቲ ናይ መምሃሪ ቋንቋ እንተተረዲእዎ ከምኡውን እቶም መምሃራን ካልኦት ቆልዑን ንዕኡ ዝርድእዎ እንተኾይኖም፣ ንቆልዓኹም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝቀለለ ኣጀማምራ እዩ ዝኸውን።
ቆልዓኹም ብእዋኑ ምስ ቋንቋ ጀርመንኛ እንተተራኺቡ፣ ብዝቐለለ መገዲ ነቲ ቋንቋ ክመሃሮ ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ቆልዓኹም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ቅድሚ ምጅማሩ ብውሑዱ ካብ ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቐዲሙ ቀጻሊ ቋንቋ ጀርመንኛ ክሰምዕን ክዛረብን ዕድል ክረክብ ኣለዎ። ነዚ ኸኣ ንምሳለ ኣብ ጉጅለ ጸወታ፣ ኣብ ቆልዑ ዝውዕሉሉ ቦታ ወይ ድማ ምስ ጎረባብቲ ቆልዑ ክላመድ ይኽእል።

ነዚ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ተሞክሮን ውልቃዊ ምዕባለን መሰረት ብምግባር፣ እቶም መምሃራን ምስ እቶም ቆልዑ ንዝህልዎም ስራሕ ይምድቡን ይቐርጹን።

## ምትሕብባር ወለድን መምህራንን

### ምትሕብባር
Zusammenarbeit

ምስ መማህራንን ኣመሓደርቲ ቤት ትምህርትን ምትሕብባር ንቆልዓኹም ብዝሓሸ መገዲ ኣብ ትምህርቲ ንድጋፍ ዘገልግል ክኸውን ከሎ ንወለዲ ድማ ግቡኦም እዩ።

### ንመዋእለ ሕጻናት ብቑዕ ምዃን
Fit für den Kindergarten

መምህር መዋእለ ሕጻናት ድሮ ናይ መዋእለ ሕጻናት ዓመት ቅድሚ ምጅማሩ ምስ ወለዲ ርክብ ይፈጥር እዩ።

ቆልዓኹም ምስ መዋእለ ሕጻናትን ምስ እቲ መምህርን ኣብ ሓደ መዓልቲ ምብጻሕ እንተ ተኻልዩ፣ ናይ መጀመርታ እምነት ክስምዖ ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ጽሑፍ ሓበሬታ «ንመዋእለ ሕጻናት ብቑዕ ምዃን» ወይ ኣብዚ www.be.ch/fit-fuer-den-kindergarten ንቆልዓኹም ኣብ ምዕብልናኡ ከመይ ጌርኩም ክትድግፍዎ ከም እትኽእሉን ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዕውት ዝኾነ ኣጀማምራ ንኽህልዎን እንታይ ዕጃም ከተበርክቱ ከም እትኽእሉን ሓሳብ ትረኽቡ።

### ነንሕድሕድካ ሓበሬታ ምውሃብ
Gegenseitige Information

ነንሕድሕድካ ሓበሬታ ብምውሃብን ምምያጥን እተን ትጽቢታትን ዕላማን ይበርሀ እየን። ቆልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዘርእይዎ ባህርይ ኣብ ከባቢ ገዝኦም ካብ ዘርእይዎ ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነቶም ቆልዑ ብዝሓሸ ምእንቲ ክርድእዎምን ከምኡ ኸኣ ብዝሓሸ ክትሕግዝዎምን ክትድግፍዎምን ምእንቲ ክትክእሉ፣ ወለድን መምህራንን ነቲ ዝዕዘብዎን ተሞክሮኦምን ነንሕድሕዶም ይነጋገሩ እዮም።

መምህር ብእዋኑን ቀጻሊን ብዛዕባ ናይ መዋእለ ሕጻናት ንጥፈታት ይሕብረኩም እዩ።

እቲ መዋእለ ሕጻናት ኣብ ኣተዓባብያን ትምህርትን ቆልዓኹም ይሕግዝኩም እዩ። ሓበሬታት ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ወይ ድማ ብዛዕባ መዋኣለ ሕጻናትን ምዕባለ ቆልዓኹምን ሕቶ ዘለኩም እንተ ኾይኑ፣ ንመምህር ክፍሊ ቆልዓኹም ተወከሱ።

### ዝተፈላለያ ዓይነት ምትሕብባር
### Verschiedene Formen der Zusammenarbeit

መምህር ምስ ወለዲ ዝተፈላለያ ናይ ምትሕብባር ዓይነታት ክመርጽ ይኽእል እዩ (ንምሳለ ምሸት ወለዲ፣ ደብዳበ ንወለዲ፣ ኣኼባ፣ ንወለድን ቆልዓን መበገሲ ክህሉ ኸሎ)።

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ውራይ ክህሉ ከሎን ወለዲ ንኽማየጡ ክእከቡ ኸለውን እቶም ወለድን መምሃራንን ብዝሓሸ ይላለዩ ከምኡ ድማ እቲ ናይ ሕድሕድ ምትእምማኖም ክብ ክብል ክብል ይኻል።

### ምምያጥ
### Gespräche

ሓበሬታ ይኹን ሓሳባት ንምቅይያር ወይ ድማ ሕቶታት ንምጽራይ ምእንቲ ክሕግዝ፣ ወለዲ ይኹኑ መምሃራን ንምምያጥ ድልየቶም ክገልጹ ይኽእሉ እዮም።

### ብዛዕባ ዝስዕብ ምምያጥ
### Standortgespräch

መምህር መዋእለ ሕጻናት ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ምስ ወለዲ ብዛዕባ ዝስዕብ ስጉምቲ ምስ ወለዲ ይማየጥ እዩ። ኣብዚ ማይጣ ብዛዕባ ዝተዓዘብዎ ነንሕድሕዶም ይነጋገሩ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ናይቲ ቆልዓ ምዕባለ፣ ናይ ምምሃር ስጉምታት፣ ባህርይ ስራሕ፣ ውልቃውን ማሕበራውን ብቕዓታት ይዛረቡ።

ነተን ዝተማየጡለን ኣርእስታት እቲ መምህር ኣብቲ ካብ ምምሕዳር ትምህርቲ ብዛዕባ ዝስዕብ ስጉምቲ ምምያጥ ዝተቐረበ ቃለ ጉባኤ የስፍሮ (ኣብቲ ሊስታ ንዘለዋ ኣርእስታት ምልክት ይገብር)፡ከምኡውን ብዋና ትሕዝቶታት እንዳተጠቐሰ ብዛዕባ ተወሳኺን ብሓባር ዝተሰማማዕኩሙሉ ነገራትን ኣብኡ ይሰፍር። እዚ ፎርሙላ ናይ እቲ ሰነድ መዝገብ ኣካል እዩ፣ ኣብ ዝቕጽል እዋን እውን ናይ ቤት ትምህርቲ ጸብጻብ መምዘኒ ኣብኡ እዩ

### ምብጻሕ
### Besuche

ምስ መምሃራን ተሰማሚዕኩም ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክትበጽሑ ድልየትና እዩ።

ነንሕድሕድካ ሓበሬታ ብምውሃብን ምምያጥን እተን ትጽቢታትን ዕላማን ይበርህ እየን።

# ኣሰራርሓ መዋእለ ሕጻናት

**መዋእለ ሕጻናት ከም ሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣካል**
**Kindergarten als Teil der Volksschule**

መዋእለ ሕጻናት ሓደ ነፍሱ ዝኽኣለ ኣካል ናይ እቲ ዓሰርተ ሓደ ዓመት ዝወስድ እዋን ትምህርቲ እዩ ካብ ምኽፋል ድማ ነጻ እዩ። ከም ግቡኡ ክልተ ዓመት እዩ ዝወስድ። ክሳብ ዕለት 31 ሓምለ ኣርባዕተ ዓመት ዝመልአ ቆልዓ፣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ይጅምር። ንምጅማር ወሳኒኡ ዕድመ እዩ።

ወለዲ፣ በቲ ቆልዕኦም ዘለዎ ምዕባለ ምኽንያት፣ ሓደ ዓመት ኣሕሊፉ ኣብ ናይ መጀመርታ ዓመት መዋእለ ሕጻናት ከም ዝኣቱ ክገብሩሉ ዝኽእሉ ኣጋጣሚ ኣለዎም። እስኹም ነዚ ኣጋጣሚ ክትጥቀሙ እንተ ደሊኹም፣ ኣብቲ እቲ ማሕበር ዓዲ ዝሰደልኩም ናይ መመዝገቢ ፎርሙላ፣ ነዚ ጥቐስዎ። ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ብዛዕብኡ ንዘለኩም ዉሳነ ከማኸረኩም ቅሩብ እዩ። ካብ ኣማኸርቲ ኣተዓባብያ፣ ሓኪም ቆልዓኹም ወይ ድማ ካብ ኣማኸርቲ ኣደን ኣቦን እውን ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**እዋናት መዋእለ ሕጻናት**
**Kindergartenzeit**

እተን ኣብ ሰሙን ዝመሃሩለን ቁጽሪታት ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ (ሓደ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ 45 ደቒቕ እዩ ዝወስድ)በቲ ኣብ ማሕበር ዓድኹም ኣብ ዓመት ዘለዋ ሰሙናት ትምህርቲ እዩ ዝውሰን። 38 ሰሙናት ትምህርቲ ኣብ ዘለዎ ኣብ ሰሙን ካብ 23 ክሳብ 26 ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ክኸውን ከሎ፣ 39 ሰሙናት ትምህርቲ ኣብ ዘለዎ ካብ 22 ክሳብ 25 ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ እዩ ዝህሉ።

**ምጉዳል ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ዓመት መዋእለ ሕጻናት**
**Reduktion der Unterrichtszeit im ersten Kindergartenjahr**

ኣብታ ናይ መጀመርታ ዓመት መዋእለ ሕጻናት፣ ቆልዓኹም ንዝወሓደ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ከም ዝሳተፍ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ ክትገብሩ እንተደሊኹም፣ ናብ እቲ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ማሕበር ዓዲ ንቆልዓኹም ከተመዝግቡ ከለኹም ኣመልክቱ። እቲ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ እንተበዝሔ ብሲሶ እዩ ክጎድል ዝኽእል። ዕላምኡ እቶም ቆልዑ በብቑሩብ ነቲ ሙሉእ ጊዜ ትምህርቲ ምእንቲ ክለምዱ ተባሂሉ እዩ።

ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ኣሰራርሓን ምጉዳል ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ንምትግባርን ይዉስን።

**ኣብ ኣስተምህሮ ምስታፍ**
**Besuch des Unterrichts**

ቆልዑ ኣብ መዋኣለ ሕጻናት ከምቲ ኣብ ሰሌዳ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ሰፊሩ ዘሎ ቀጻሊ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ይሳተፉ። እዋን ምጅማርን ናይ ቅድሚ ቀትሪ ትምህርትን ልክዕ ከም ናይ ቤት ትምህርቲ እዩ (ጥሙር እዋን)።ሓደ ወይ ክልተ ጊዜ ኣብ ሰሙን ድሕሪ ቀትሪ ኣስተምህሮ ኣሎ።

ቆልዓኹም ናብ ኣስተምህሮ ኣዕሪፉ ከም ዝመጽእ ግበሩ። ነቲ ኣስተምህሮን ንፍሉይ ዝኾነ ጉዳያትን፡ ንምሳለ ብሓባር ዑደት ምግባር ዝኣመሰላ፣ ቆልዓኹም ብብቑዕ መገዲ ከም ዝዕጠቕን ዝኽደንን ኣስተውዕሉ።

### መገዲ መዋእለ ሕጻናት
**Kindergartenweg**

ካብ እዋናት መዋእለ ሕጻናት ወጻኢ ንዝኾነን ኣብ መገዲ ናብ መዋእለ ሕጻናት ይኹን ንገዛ ንቶም ቆልዑ ሓላፍነት ዘለዎም ወለዲ እዮም። ምስ ቆልዓኹም ነዚ መገዲ ተላመድዎ፣ ዕላማኡ ኸኣ እቲ ቆልዓ ነዚ መገዲ ንኽለምዶን ሓደ ጊዜ ድማ ባዕሉ ንኽኸይድን እዩ።

### ምብኳር
**Absenzen**

ቆልዓኹም ዘቡክር እንተኾይኑ (ንምሳለ ብምኽንያት ሕማም ወይ ሓደጋ ቆልዓኹም ወይ ከኣ ስድራቤት፣ ምቕያር ገዛ፣ ቆጸራ ምስ ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ) ኣቐዲምኩም፣ እንተደንጒኹም ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ንመምሃራን ሓብሩ። ከም እኒ ረስኒ፣ ዕግርግር ምባል ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰላ ሕማም ንቆልዓኹም እንተሒዝዎ፣ ከሳብ ዝሓዊ ኣብ ገዛ ክኸውን ኣለዎ።

### ምዕራፍ
**Dispensationen**

ዕረፍቲ ከተፍቅዱ እንተደሊኹም፣ ኣርባዕተ ሰሙን ኣቐዲምኩም፣ ምኽንያት ዕረፍቲ ዝተጻሕፎ መመልከቲ ናብ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ከተቕርቡ ኣለኩም። ምኽንያታት ዕረፍቲ ንምሳለ ክብ ዝበለ ሃይማኖታዊ በዓል፣ ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ስድራቤት፣ ናይ መበቆል ዓዲ ኮርስ ቋንቋን ባህልን (HSK)እንተኾይኑ፣ ዕረፍቲ ክፍቀድ ይኽእል እዩ።

### ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዕረፍቲ
**Freie Halbtage**

ቆልዓኹም ኣብ ዓመት ትምህርቲ ክሳብ ሓሙሽተ መዓልታት ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዕረፍቲ ክትወስዱ መሰል ኣለዎ። ኣብዘን ሓሙሽተ ፍርቂ መዓልታት ቆልዓ ምኽንያት ከይሃበ ካብ ትምህርቲ ከቡክር ይኽእል እዩ። ንቆልዓኹም ሓደ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዕረፍቲ ክተወስዱ እንተ ደሊኹም፣ ኣቐዲምኩም ንመምህር ክፍሊ ኣፍልጡ። እዘን ፍርቂ መዓልታት በብሓደ ወይ ከኣ ኣብ ተኸታታላይ መዓልታት ክኾና ይኽእላ እየን።

### ናብ 1-ይ ክፍሊ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ምስጋር
**Übertritt in das 1. Schuljahr der Primarstufe**

ብመሰረቱ ድሕሪ ክልተ ዓመት መዋእለ ሕጻናት ኩሎም ቆልዑ ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ይሰግሩ እዮም። ፍልይ ብዝበለ ጉዳይ - ብፍላይ ብምኽንያት ምዕባለ - እቶም ቆልዑ ሓደ ዓመት ኣቐዲሞም ወይ ከኣ ደንጒዮም ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ክኣትው ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፣ በቲ መምህር መዋእለ ሕጻናት ዝገበሮ መመልከቲ መሰረት ምስ ወለዲ ተማይጡ እዩ ዝዉስን።

መምሃራን መዋኣለ ሕጻናት ምስ መምሃራን ቀዳማይ ክፍሊ ተሓባቢሮም ይሰርሑ እዮም። በቲ ሓባራዊ መደባትን መዓልታት ምብጻሕን ንቶም ቆልዑ ንቐዳማይ ደረጃ ይቕርብዎም ከምኡውን ነቲ ምስጋር የዳልውዎ።

## ምእላይን ጥዕናን

### መዓልታዊ ትምህርቲ
Tagesschule

ምስቲ ኣስተምህሮታት መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርታትን ኣብ ብዙሓት ማሕበር ዓድታት ተወሳኺ ናይ ምእላይ ቀረባት ኣሎ፡ መዓልታዊ ትምህርቲ። እዚ ናይ መዓልታዊ ትምህርቲ ምእላይ ብንግሁ፣ ኣብ እዋን ምሳሕ (ምስ ምሳሕ)ከማኡውን ድሕሪ ቀትሪ ከጠቓልል ይኽእል እዩ። ተሳትፎ ኣብቲ መዓልታዊ ትምህርቲ ብድልየትካ እዩ። ወለዲ ከከም እቶቶም ተራእዩ ነቲ ዝኸፈል ዋጋ ምእላይ ንምሽፋን ግቡኦም ይኸፍሉ፣ ከምኡውን ንምግብን መስተን ይኸፍሉ።

እንታይ ዓይነት ቀረባት ኣብ ማሕበር ዓድኹም ከም ዘሎ፣ ካብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ መዓልታዊ ትምህርቲ ኣብዚ ትረኽቡ:
www.be.ch/schulergaenzende-angebote

ካብ ስድራ ቤት ወጻኢ ንዘሎ ተወሳኺ ናይ ቆልዑ ምእላይ (ቆልዑ ዝውዕሉሉ፣ ቆልዑ ዝኣልዩ ዉልቀሰባት ወ.ዘ.ተ.) ኣብዚ ትረኽቡ: www.fambe.sites.be.ch

### ናይ ሓኪም ምርመራ
Ärztliche Untersuchung

ሓደ ናይ ሓኪም ምርመራን እቲ ዓመታዊ ብሓንቲ ሓኪም ስኒ ወይ ብሓደ ሓኪም ስኒ ዝግበር ምርመራን ንኹሎም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ንዘለዉ ቆልዑ ናይ ግድን እየን ካብ ምኽፋል ከኣ ነጻ እየን።

ሕክምና ዘድሊ እንተኾይኑ፣ እታ ሓኪም ወይ እቲ ሓኪም ንዓኹም ይሕብረኩም። ነቲ ንሕክምና ዝኸፈል ገንዘብ ወለዲ እዮም ዝኸፍልዎ።

## ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፣ ሰብ መዚን ክፍሊ ሰብ ሙያ

### ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ

**Schulleitung**

ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ነቲ ስነ ትምህርቲ ከምኡውን ነቲ ቴክኒካዊ ጉዳያት ቤት ትምህርትን መዋእለ ሕጻናትን ሓላፍነት ኣለዎ። ብዛዕባ ኣሰራርሓ ቤት ትምህርቲ ሕቶ ወይ ድማ መምህር ክፈትሖን ዘይክእል ኩነታት ክህሉ ከሎ፣ ንምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

### ሰብ መዚ ማሕበር ዓዲ

**Gemeindebehörde**

እቲ ዝምልከቶ ሰብ መዚ ማሕበር ዓዲ ከምቲ ኣብ ናይ ካንቶን ሕግታትን ናይ ማሕበር ዓድታት ኣገባብን ሰፊሩ ዘሎ መሰረት፣ ቆልዑ ናብ መዋእለ ሕጻናት ንኽኸዱ ሓላፍነት ኣለዎ።

### ኢንስፐክተር ቤት ትምህርቲ

**Schulinspektorat**

ናይ ከባቢ ኢንስፐክተር ቤት ትምህርቲ ንካንቶናዊ ምቁጽጻር ቤት ትምህርታት ሓላፍነት ኣለዎ።

### ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣተዓባብያ

**Erziehungsberatungsstellen (EB)**

ናይ ካንቶን ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣተዓባብያ ከባቢኹም ፍሉይ ንዝኾነ ጉዳያትን ብዛዕባ ምዕባለ ቆልዓኹምን ብዛዕባ ሕቶታት ኣተዓባብያን የማኽረኩም እዩ:
www.be.ch/erziehungsberatung

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ኣብዚ ትረኽቡ:
www.be.ch/volksschule